# ሕድሪ ስወኣትና ነተግብረሉ: ግዚኡ ኣኺሉ

በርሀ ዑቁባዝጊ ኡሉም ጀርመን
ግንቦት 30 5 2009

ሕጂ እዩ እዋኑ ጃንዳ ህግድፍ ዝላፋለፍሉ
ኣኪሉ እዩ እዋኑ ኣጆኩም ኣጆና ንበሃሃለሉ
ሕጂ እዩ እዋኑ ማይንጸባን ንኾነሉ
ሕጂ እዩ እዋኑ ሃገራዊ ዕርቂ ንገብረሉ
ኣይፋሉን እንተበሉ ይኺዱ ይኮብልሉ
ድሕሪ ሕጂ ግን ኣይፈለጥኩ የሎን ኣሉ
ሕጂ እዩ እዋኑ ብደገን ብውሽጢን ሓደ ንኮነሉ

ሕጂ እዩ እዋኑ ተጋጊና ነርና ንብለሉ
ሕጂ እዩ እዋኑ ንህዝቢ እቕረታ ንሓቱሉ
ሕጂ እዩ እዋኑ እቅረ እቅረ ንባሃለሉ
ሕጂ እዩ እዋኑ ንዲክታቶር ነባርረሉ
ሕጂ እዩ እዋኑ ገጋ ከም ዘለኹም ተኣምንሉ
ሕጂ እዩ እዋኑ ሕድሪ ስወኣትና ነተግብረሉ
ሕጂ እዩ እዋኑ ዋናታት ሃገርና ንኮነሉ
ኣኺሉ እዋኑ ኣብ ጎኒ ተቓዎምቲ ትኾነሉ

ዓገብ ንዓሰርተ ሸሞንተ ዓመት ብዘይ ሕጊ ይኣክል ክንብል
እዋኑ ኣኺሉ ዘይመረጽናዮ ኣይመንግስትናን ንብለሉ
ሕጂ እዩ እዋኑ ጠላማቶምን ከዳዓቶምን ዝሓፍርሉ
ቀሪብኩም ኢኹም ብጾት ዘልሓጥሓጥ ኣይትበሉ
ዶዋላስ ኣሎ እዩ ንሕና ዘይ የስተብሃልናሉ
ኣኺሉ እዩ እዋኑ ብቃልስና ንሕበነሉ
ኣኺሉ እዩ እዋኑ ምስ ህዝቢና ንስሕቀሉ
ኣኺሉ እዩ እዋኑ መንእሰያትና ነድሕነሉ
ሕጂ ይድለ ኣሎ መንእሰያት ብብዝሒ ምሳና ዝስለፍሉ
ጽባሕ እዚባ እቲባ ምባል የለን ኣሉ
ኣኺሉ እዩ እዋኑ ዝተቓለሰ ዝሕበነሉ

ተወዲኡ ፍርሒ መጺኡ ፍቅሪ
ተወዲኡ ፍርሒ ንዮው ንብሎ ንመደናገሪ
ተወዲኡ ሽግርና ደሚቃ ክትበርቅ ጸሓይና
ግዚኡ ኣኺሉ ክንገር ታሪኽ ጀጋኑና
ህግደፍ ነበረ ያ ነበረ ክኸውን ኣብ ሃገርና

ዘለኣለማዊ ዝክሪ ንጀጋኑ ስወኣትና
ውድቀት ንመላኺ ስርዓትን ሰዓብቶምን
ዓወት ንውጹዑ ህዝቢ ኤረትራ
24 ግንቦት መዓልቲ ናጽነት
ንዘለኣለም ክቢራትንበር
ካብ ሕድሪ ስወኣቱ ዘይጠለመ